## ካብ መዓስከር ሕንጻጽ (ትግራይ) ዝተጨውዩ:

## 14 - ኤርትራውያን ብሓደጋ መኪና ሞይቶም።

ብዕለት **28/ ጥሪ/ 2021** - ብዘጋጠመ ናይ ማኪና ሓደጋ: መራሕ መኪና ዝርከቡዎም 14 - ኤርትራውያን ከምዝሞቱ ተረጋጊጹ ኣሎ።

ሓደጋ ዝተፈጸመሉ ኩነታት: ኣቶ ኣስገዶም ተኽለሰንበት ዝበሃል ኣውቲስታ: ማርቸድስ ዝዓይነታ መኪና ሒዙ **56** ሰብ ጽዒኑ ይጎዓዝ ነይሩ። ዕላማ ምንቅስቓሱ ድማ ካብ መዓስከር ስደተኛታት ሕንጻጽ (ትግራይ) ተጨውዮም: ኣብ ባድመ ተኣሲሮም ዝጸንሑ ኤርትራውያን ናብ ሽላሎ ምብጻሕ ነይሩ ተልኺኡ። እሱራት ንሽላሎ ንምብጻሕ ካብ ክፍለ ሰራዊት 61 - ዝተዋጽኡ ንሓለዋ ዝተመደቡ ብዓጀብቲ ተሰንዮም ኣብ ዝንቕሳቐስሉ ግዜ ድማ እቲ ሓደጋ ከምዘጋጠመ ኣረጋጊጾም ኣለዉ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝርከቡ ወከልትና።

ዘጋጠመ ሰብኣዊ ክሳራ: ኣብ'ቲ ዘጋጠመ ሓደጋ ንመራሕ መኪና ዝርከቦም **10** መንእሰያት ብቕጽበት ሞይቶም። ንሓለዋ ዝተመደቡ **3-** ኣባላት ምክልኻል ካብ ክፍለ ሰራዊት **61** - 2ይ ብርጌድ 3 ቦጦሎኒ ወሲኽካ ድማ ከቢድ ማህረምቲ ዘጋጠሞም **17** እዮም። ካብቶም እሱራት ኣሕዋትና ኣብ ሕክምና ባረንቱ ምስበጽሑ **እዉን - 4-** ከምዝሞቱ ስለዝሕበር እቲ ቑጽሪ ሙዉታት ናብ **14** - ደይቡ ከምዘሎ ተረጋጊጹ ኣሎ። በቲ ዘጋጠመ ሓደጋ መኪና ካልኣት እዉን ፈኲስ ጉድኣት ከምዝበጽሖም ይግለጽ እዩ።

- /ኣውቲስታ/ መራሕ መኪና ዝነበረ ኣስገዶም ተኽለሰንበት ሓዳሩን ደቑን ኣብ ባረንቱ እዮም ዝቕመጡ። ስለዚ በዓልቲ ቤቱ ብወግዒ ተረዲኣ ስለዘላ ድማ: ምስ ኩሎም ስድራ ቤቱን ፈተውቱን ኣብ ሓዘን ከምዘለዉ ተረጋጊጹ ስለዘሎ ነፍሱ ይምሓሮ።
- ባህልና ኣብ ግምት ብምእታው ናይቶም ኣብቲ ሓደጋ ዝመቱ' ዘይተረድኡ ኣስማት ንግዚኡ ምጥቃስ ኣይመረጽናን:
- ናይ ክፍለ ሰራዊት 61 - ክልተ ብሪጌዳት ኣብ ሽራሮ:ባድመ: ሽላሎን ከባቢኡን ዝርከቡ ቦታትት ዓሪዶም ከምዘለዉ ይፍለጥ።
- ጸጥታ ህግደፍ: ካብ ሕንጻጽን ከባቢ ሽረን ዝርከቡ መዓስከር ስደተኛታት ትግራይ ዝጨወዮም ኤርትራውያን ልዕሊ **700** ንጹሃት ዜጋታትና ኣብ ባድመ ተኣሲሮም ከምዘለዉ ይፍለጥ። ወከልቲ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራ - / ንሓርነትን -ንደሞክራስን/ ብተወሳኺ ከምዝሕብሩዎ ድማ: እቶም እሱራት ብዘይሰብኣዊ ኣትሓሕዛን ብጨካን ተግባራትን ይሳቐዩ ከምዘለዉ ደጋጊሞም ብመርትዖ ኣረጋጊጾምዎ ኣለዉ።

ስርዓት ኤርትራ ግዝያዊ ረብሓ ዝረኽበሉ ሰይጣናዊ ተግባር ክፍጽም ኮነ ኢሉ ብመደብ ከምዝሰርሕ ኩልና ንፈልጦ ኢና። ኣብ ኩናት ትግራይ ንክሳተፍ ዝወጽኦ ኣዕናዊ እስትራተጂ ምኽታሉ ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ጸሊም ታሪኽ ይገድፈሉ ከምዘሎ ዘካትዕ ኣይመስለናን። ንሱ ኣብ ትግራይ ዝፍጽሞ ዘሎ ኣነዋሪ ተግባሩ ክኸሕዶ ምፍታኑ ድማ ከም ቐደሙ ሚስጥር ናይ ምኽዋል ባህሉ ከምዘይቐየረ የረጋግጸልና። ይኹን'ምበር ሳላ ዘመናዊ ተክኖሎጅን ስሉጥ መራኸብን ግና: ሓቕታት ተኸዊሉ ተሸፊኑ ክኸደሉ ዘይክእል ደረጃ በጺሑ ከምዘሎ ኣየስተውዓለን ክበሃል የዋህነት'ዩ። ስርዓት ህግደፍ ንሓቂ ኣሜን ኢሉ ክኣምን ጉድለቱ ክእርም ዘይክእለሉ ምኽንያት ግና ምልካዊ ባህርያቱ ስለዘይፈቕዶ ጥራይ እዩ። ስለዚ ጸረ ሰብኣውነት ዝኾኑ ገበናዊ ተግባራት ካብ ምቕጻልን ምውሳኽን ከምዘይቁጠብ ወሲድና ዕድመ ስልጣኑ ንምሕጻር ድማ: ህዝባዊ ቓልስና ኣወሃሂድና ክንትሓባበር ጥራይ ከምዘድልየና ምዝኽኻር ኣገዳሲ ይመስለና።

ክፍሊ ዜና:ምንቅስቓስ መን እሰያት ኤርትራ ንደሞክራሲ/ንሓርነት

2/የካቲት/2021

EYML

EYMD